# ዕዉት ህዝባዊ ሰሚናር
# ኣብ ስያትል

ኣብ ስያትል ብዕለት 12/6/2003 ዕዉት ሰሚናር ብ ክቡር ኣንባሳደር ግርማ ኣስመሮም፡ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካን ካናዳን ካብ ዋሺንግቶን ዲሲ፡ ምስ ክቡር ኣቶ ኣሕመድ ኢማን ቆንስል ጀነራል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ምዕራብ ዞባ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ ካብ ኦክላንድን፡ ከባቢ 500 ዝኾኑ ኤርትራዊያን ዝተሳተፍዎ ሰፊሕ ሰሚናር ተኻይዱ።

ነዚ ኣገዳስን እዋናውን ሰሚናር፡ ካብ ኩሉ ኩርናዓት ከባቢ፡ ክሳብ ካብ ፖርትላንድ ኦሪጎን ንነዊሕ ሰዓታት ናይ ማኪና ጉዕዞ ብምዝዋር እዮም ተሳቲፎሞ።

ኣብቲ ሰሚናር፡ ክቡር ኣምባሳደር ግርማ ኣስመሮም ብዛዕባ ህሉው ውሽጣውን ግዳማውን ኩነታት ሃገርናን፡ ብዛዕባ ጉዕዞ ጉዳይ ዶባዊ ግጭት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ከምኡውን ብዛዕባ ንይ ምንባይ ስድራ ስወኣት ወጺኡ ዘሎ ፕሮግራም ሰፊሕ መብርሂ ምስሃበ፡ ክቡር ኣቶ ኣሕመድ ኢማን ጠቕላሊ ቆንስል ድማ ብዛዕባ ውጺኡ ዘሎ ንምዕዳል መሬት ንመንበሪ ገዛውቲ  ኣብ ወጻኢ ንዝነብሩ ኤርትራዊያን ዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ድሕሪ ሰሚናር፡ ናይ ሕቶን መልስን መድረኽ ተኸፊቱ ብጉባኤኛታት ንዝቐረበ ሕቶታት ብኽልቲኦም ሰበስልጣን ኣዕጋቢ መልሲታት ተዋሒብዎም።

ጉባኤኛ`ድማ ድሕሪቲ ናይ ከባቢ ሓሙሽተ ሰዓት ዝወሰደ ዉዕዉዕ ሰሚናር በቲ ዝተዋህቦ ሰሚናርን ናይ ሕቶታቱ መልስን ዓጊቡ፡ ነዚ ዝስዕብ እማመታት ኣሕሊፉ።

1. ንሕና ኣብ ስያትልን ከባቢኣን እንርከብ ኤርትራዊያን ነቲ ሎሚ መዓልቲ ታሕሳስ 6,2003 ብኽቡር ኣንባሳደር ግርማ ኣስመሮምን ጠቕላሊ ቆንስል ኣቶ ኣሕመድ ኢማንን ዝሃቡና መግለጽን ናይ ሕቶታትና ኣዕጋቢ መልስን ብምሙርኳስ፡ ነቲ መንግስትና ዘካይዶ ዝሎ ናይ ሰላም ጉዕዞን፡ ብሕልፊ ድማ ኣብ ናይ ዶብ ምሕንጻጽ

ጉዳይን እንዳደገፍና፡ ኢ.ድን ጓንትን ኮንና ኣብ ጎድኑ ብዘሎና ዓቕሚ ክንሰርሕ ከምዝኾንና ብምሉእ ድምጺ ደጊምና ነረጋግጽ።

2. ንኤርትራ ሃገርና ካብዝኾነ ይኹን ውሽጣውን ግዳማዊን ሓይልታት ንልዕላውነታን ሓድነት ህዝባን ዝፈታተኑ ጃንዳ ወያኔ ይኹን ዕሱባት፡ ባእታታት ኣብ ጎድኒ መንግስትናን ህዝብናን ኰንና ክንምክት ምኳና ደጊምና ነረጋግጽ።
3. ንስድራቤት ናይቶም ምእንቲ ልዕላውነት ሃገርና ከይድፈር በጃ ህዝቦም ኣብ ወራር ወያኔ ዝሓለፉ ስውኣትና፡ ብዘለና ዓቕሚ በቲ ወጺኡ ዘሎ ፕሮግራም ክንሕብሕቦም ከምዝኾንና መብጽዓና ደጊምና ነሐድስ። ከምኡውን ኣብቲ ተኸፊቱ ዘሎ ንስድራቤት ስውኣት ናይ ሓገዝ ማዕከን ወፈያና ከንዕዝዝ ምኳንና ዳግም ነረጋግጽ።

**ሓድነትና ሓይሊ ልእላውነትን ልምዓትን ኤርትራ እዩ።**
**ሓደ ልቢ ሓደ ህዝቢ**
**ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ**
**ዘላለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና**
**ታሕሳስ 6,2003**